


ኩቡራት ተኸታተልቲ!! ቀደም ብቖልዓይ ከለኹ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ፡ እግረን ክሳብ ዝሓብጥ ማዓልቲ-ማዓልቲ ንምሉእ ኣስመራ እንዳዞራ ዓው ኢለን <ንማህለል!! ንማህለል በብሃይማኖትና ንማህለል> ክብላ ትዝ ይብለኒ። ኣነ ከም ዝዝክሮ ኩሉ ሓላፍ መንገዲ ዓቢ ኮነ ንእሽቶክላእ እዛ ጽልልቲ`ዚኣ ኻኣ መጸት እንዳበለ ከቃጭጨለንን፡ ቆልዑ ድማ ከም ሓንቲ ጽልልቲ ደድሕሪኤን እንዳኸዱ እምኒ እንዳደርበዩ ከም ጸወታን ከም መሕለፍ ግዝየን ይወስድዎ ነበሩ።

ብሓቂ ኣብቲ እዋን`ቲ ንዐአን ከምኡ ዘብለን ዝነበረ እንታይ ምኻኑ ዘይፈልጥ እኳ እንተኾንኩ፡ ነቲ ዘረባአን እንዳዘከርኩ፡ እዘን ሰበይትስ ምናልባት ድኾን እዚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ማዓት ኣቐዲሙ ይራኣየን ነሩዩ ኣብ ምባል በጺሐ። ብሓቂ ኻኣ ነዚ ህዝቢ`ዚ መራሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍን ሳዓብቶምን ጥራይ ኣይኮኑን ጠሊሞሞ፡ መራሕቲ ሃይማኖትው`ን ኩሎም አኳ እንተዘይበልኩ ኣዝዮም ሓያሎይ ጠሊሞሞዮ`ም።

ኩላትና ክንዕዘቦ ከም ዝቐነና ህ.ግ.ዲ.ፍ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎነይ ኣሎ፡ ኢሉ ንዓለም መታን ከታልል፡ ብዙሕ ተንኮላትዩ ክኣልም ቀንዩ። ብመጀመርታ ህዝቢ ኤርትራ ፈንፊኑዎ ከም ዘሎ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ፡ ንባዓልመን`የ ከታልል ዝኽእል? ብኸመይከ? ኢሉ ድሕሪ ምሕሳብ፡ ዋላውን ኣብቶም እሙናት ዕሱባቱ ስለዘይተኣማመነ፡ ኣቐዲሙ መርየት ክንዕድለኩም ኢና ኢሉ ኣዋጅ ኣብ ልዕሊ ኣዋጅ ከውጽእ ቀነየ።  ምስኡ ኣስዕብ ኣቢሉ ኻኣ ሰላማዊ ሰልፊ ግበሩ ዝብል ትእዛዝ ኣማሓላለፈ።

እቶም ሓለፉ ረኺቦም ብንብዓት ህዝብና ዝተባዕጠ ጭቃ ጌሮም ኣብ ልዕሊ መቓብር ስዉኣትና ገዛ መታን ክሰርሑ፡ ዝቃባጠሩስ`ኳ <ክበልዕ ዝበለስ ገደል ኣፉ> ከምዝበሃል ጥቕሞም ጥራሕ ስለ ዝረኣዮም ይንበርዎ ኣይንበርዎ ብጀካኡ ካልእ ሕልሚ የብሎምን።
ወዮ ድኣ ዘይርድኦም ኮይኑ`ዩ እምበር፡ ገሊኦም ተዛረብቲ ከም ዝብልዎስ፡ <ኢሳያስ ሓደ ግዜ ንሰራዊት ክበጽሕ ኢሉ ናብ ድፋዓት ምስ ከደ፡ ገለ ካብኣቶም ከምዚ ክብሉ ሕቶ ኣቕረቡሉ።

ንዓና ናብ ድፋዕ ሰዲድካ መርየትና ኻኣ ንሰብዶላር ትሸጠ ኣለኻ > እዝስ ሓቂድዩ ሓሶት? ኢሎም ምስ ሓተትዎ፡ ማዓስ`ሞ ከይሰፍርዎ ኢልኩሞም ኢኹም፡ ደይ ሬሳ ኮይኖም ኣብ ሳንዱቕ ኣትዮምዮም ክመጽዎ በሎም ይበሃል። እዚ ኻኣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ጭፍራ ህ.ግ.ዲ.ፍ ክሳብ ዘሎ ታኣማሚኑ ንዓዲ ዝኣቱ ክሳብ ዘይሃለወ እቲ ሓቂ ንሱ`ዩ ማለት`ዩ።

ኩቡራት ኣንበብቲ፡ ኩልኹም ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን!! እዞም ደመኛታት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ዕሱባትን ኣገልገልትን እዚኣቶም፡ ጽባሕ ንጉሆ ንፋስ ኣብ ዝነፈሶ ገጾም ክኸዱዮም። ንስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ግብኣተ-መሬቱ`ዮም ዝኸሕድዎ። ስለዚ እዚኣቶም ብቓልሲ ተሳዒሮም ክሓፍሩ ድኣምበር፡ ኣብ ልቦም ተመሊሶም ምእንቲ ሓቂ ደው ክብሉ`ዮም ኢልካ ጨሪሱ ዘይሕሰብ ስነ-ሞጎት`ዩ። ሓደ-ሓደ ግዜስ ወረ ወዮ ድኣ ሰብ ከም ሓጺን ጨፍሊቕካ ክሰራሕ ዝይከኣል ኮይኑምበር፡ ከም ብሓድሽ ተሰሪሖምውን ምእንቲ ፍትሒ ደው ክብሉ ኣይምኻኣሉን`ዩ ዘብለካ።

ካብ ኩሉ ድማ ናይቶም መራሕቲ ሃይማኖት ኢና ብሃልቲ ገደደ። ሓቀኛታት ክመስሉ ከይሓፈሩ፡ ካባ ለቢሶም መመስቀሎም ሒዞም ንሓቂ ከም ዝማጎቱ ክመስሉ፡ ሰማዒ ንዘይብሉ ጓይላ ሰይጣውንቲ ከዳኸሩ ኣብ ጎደናታት ስትራስቡርግ ተገቲሮም ኣብ ክንዲ ንውጹዕ ህዝቦም ንናይ ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣጋንንቲ ወኪሎም ውዒሎም። ብጣዕሚ ዘሕፍር`ዩ። እቶም ናይ ኣውሮጳ ፓርላመንት ሰበስልጣን ክሳብ ክንደይኮን ኒዒቖሞም ይኾኑ። ነቲ ገስረጥን ሽፍታውን ኣማሓድራ መንግስቲ ኢሰያስ፡ ዝጣበቑ መራሕቲ ሃይማኖት ምስርኣዩ ኣብ ሓንጎሎም ኣቲኻ ክትመራመር ከለኻ እምበርከ እዚኣቶምሲ ቁቡኣት ኣቕሽሽቲ ኣገልገልቲ ናይቲ ሰማይን መርየትን ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ድዮም? ወይሲ ኣገልገልቲ ናይቲ ንነብሱ ማዕረ እግዚኣብሀር ዝቖጽራ ዲክታተር ኢሳያስ እዮም? ኢሎም ክሓስቡ ጎሊሑ ይራኣየካ።

ኩቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን!! እስከ ንሓደ ደቒቕ ዝኣክል ሕልናና ንመርምር። ሻሙናይ ትእዛዝ እግዚኣብሄር <ብሓሶት ኣይትመስክር`ዩ ዝብል>። ሃገር ፍትሒ ታሓሪምዋ ከሎ እዚኣቶም ኣቕሽሽቲ ክንሶም፡ ፍትሒ ከም ዘሎ ጌሮም ከቕርቡ ከለዉ ናይ ሕሶት ምሰኻኽርር`ዶ ኣይኮኑ? እዚኣቶም እምበኣር ኣማን-ብኣማን ሓሰውቲ መሰኻኽር`ዮም። እሞኸድኣ እዚ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኦም ኣየቕጽያምንዶ። ኣብቲ ጽሑፍ`ውን ኣነ ናትካ ኣምላኽ እየ፡ ብዘይካይ ካልእ ኣምላኽ የልቦን ይብል። እዞም ምስ`ዚ ስርዓት`ዚ ዝደናገጹ ኣቕሽሽቲ ግና ንፈጣሪኦም ጠሊሞም ንኢሳያስ ተምበርኪኾም ዘምልኹ`ዮም። ምስቶም ዝሰዓሩ ሓቢሮም ድማ፡ ጽባሕ ንጉሆ ሕፍረት ክኸደኑ`ዮም።

እዞም ንጽምኣት ደም ኢሳያስ ንኸርውዩ፡ <ንሕና ንመንግስትና መንግስትና ንዓና> እንዳበሉ ኣብ ስትራስቦርግ ክጭድሩ ዝዋዓሉ፡ ሓንቲ ማዓልቲዶ? ቅዋም ኣብ ግብሪ ይውዓል፤ መንእሰይ ዓዲ ገዲፉ ንምንታይ ኣብ ምድረበዳ ኣጻምእ ይጠፍእ፤ ሰብ ብዘይፍርዲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይበሊ`ሎ፤ ወለዲ ንምንታይ ተገፊያምን ተኣሲሮምን፤ ኣካለ ስንኩላን ሓርበኛታት ንምንታይ ተረሺኖም፤ ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ብኢደወነን ህ.ግ.ዲ.ፍ ካብ ስልጣኖም ንምንታይ ይወርዱ፤ እዚ ስርዓት`ዚ ንምንታይ ኣብ ሃይማኖታትና ኢዱ ዘእቱ፤ ወ.ዘ.ተ. ኢሎም ሓቲቶምዶ ይፈልጡ? ኣይፈልጡንዮም።

እሞ እቲ ሓቂ ከምዚ ካብ ኮነ ድኣ፡ ከመይ ጌሮምዮም ነቲ ቀንዲ ሽግር ክሳብ ሃገር ንምጽናት ብህ.ግ.ዲ.ፍ ዝፍጸም ዘሎ ዘይተጣበቑስ፡ ብዛዕባ ዶብ ክጣበቑ ዝፍትኑ? ሃገር እንተጠፊኣኮ ዶብ የለን ማለት`ዩ። ህዝቢ ዓዱ ገዲፉ እንተወጺኡን እቲ ዝተረፈ ብማእሰርትን ጥምየትን እንተተወዲኡን`ኮ ሃገር የላን ማለት`ዩ። ስለዚ ሃገርን፤ ህዝብን፤ ዶብን፤ ክዕቀብ እንተተደልዩ ቀዳማይ ጸላኢና ህ.ግ.ዲ.ፍ ካብ ገጽ መርየት ክጠፍእ ኣለዎ።

ጉዳይ ዶብ ሕጂ እንተተነጸረ ጽቡቕ፡ ካብኡ ዝተረፈ ግን ንኤርትራን ህዝባን፡ ሕጂ ዘድልዮ ዘሎ ቀዳማይ ረዲኤት`ዩ። ንኣብነት ብሓደጋ ክልተ መኻይን ምስ ዝጋጨዋ`ሞ ብርቱዕ ማህሰይቲ ዝተሃስዩ ሰባት ምስ ዝህልዉ፡ ኣብ ሕክምና ትወስዶም ድኣምበር በደለኛ

መን ምኽኣኑ ከተጻሪ ኣይኮንካን ትጅምር። ኤርትራ ሃገርናውን ኣብ ከቢድ ማህሰይቲ ስለእትርከብ፡ ቀዳማይ ርዲኤት`ዩ ዘድልያ ዘሎ።

ስለዚ ህ.ግ.ዲ.ፍ ግፍዕታቱ ከይቅጽልሞ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ነበረያ-ነበረ ከይገበሮ፡ ንዕኡ ነልግሶ። ኩሉ ተቓዋሚ ሓይሊ`ውን ኢትዮጵያ በቲ ውዕል መሰረት ክትቅበሎ`ዩ ዝኣምን። ቀዳምነት ዝህቦ ግን ነቲ ብቐዳማይ ረድኤት ጌርካ ህዝብን ሃገርን ምድሓን`ዩ እምበር፡ ከምቲ ጭፍራ ህ.ግ.ዲ.ፍን ሃሱሳቱን ዝብልዎ ኣይኮነን። ጉዳይ ዶብ ብኸምዚ ሕጂ ተበይንዎ ዘሎ ዝሰፍሐ መሬት ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ተገሚዑ ዘይኮነ፡ ብዝበለጸ ኣገባብ ክፍታሕ ዝኽእል ህ.ግ.ዲ.ፍን ኣገልገልቱን ምስ ዝእለዩ ጥራሕ`ዩ።

ኩቡራት ኣንበብቲ!! ዘበን ግርምቢጥ ማይ ንዓቕብ ከም ዝበሃል፡ መራሕቲ ሃይማኖት ስርሖም ካብ ረስዑ፡ ዓለማውያን ባዕልና <ምእንተ ማርያም ምሓረና ክርስቶስ> እንዳበልና በብሃይማኖትና ንማህለል።

ፍትሕን ርትዕን ንህዝቢ ኤርትራ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና

ወልድኣብ ፍስሓጽየን
ኦስሎ ኖርወይ ዕለት፡ 28.10.2005